*ካብ "ትምህርቲ ቅ. መጽሓፍ"*
*፩ይ መጽሓፍ*
*ብሓባ ኣማኑኤል ምስጉን ማ.ገ.ኣጋው ካፑቺን*
*(ገጽ 43 - 50)*

# ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን

## ማቴዎስ ፡ ማርቆስ ፡ ሉቃስ።
## (ካልኣይ ክፋል)

### ፩ - ፍ ል ል ይ

ኣብ ሓፈሻዊ ኣመቓቕላ ወንጌል ይሰማምዑ ድኣ እምበር ነፍሲወከፍ ወንጌላዊ ናቱ ዝኾነ ኣርእስቲ መማልኢ ኬእቱ ስለ ዚርከብ፡ በዚ ነንሕድሕዶም ይፈላለዩ። ብመሰርዕ ክንርእዮ፤

| ማቴዎስ | ማርቆስ | ሉቃስ |
|---|---|---|
| ስግደት ሰብኣሰገል (2፡ 1-12)<br>ቅትለት ሕጻናት (2፡ 16-18)<br>ምህዳም ናብ ግብጺ (2፡ 13-15)<br>ምሳሌ ክርዳድ (13፡ 24-30)<br>ምሳሌ ጨካን ግዙእ (18፡23-35)<br>ክልቲ ወይኒ (20፡1-16)<br>ተኣዝዞ 2 ደቂ (21፡ 28-32)<br>ምሳሌ 10 ደናግል (25፡ 1-13) | በቐሉ ባዕሉ ዝዓቢ ዘርኢ (4፡26-29)<br>ዕዉር በዓል ቤት ሳይዳ (8፡22-26)<br>ነጻላ ዝተወንዘፈ ሓደ ጉበዝ (14፡ 51-52) | ብሥራት ልደት ዮሓንስ (1፡ 5-26)<br>ማርያም ንኤልሳቤጥ ከምዝበጽሓታ (1፡ 39፡56)<br>ልደት ዮሓንስ (1፡ 57-80)<br>ወዲ መበለት ከምዘተንሥኤ (7፡ 11-17)<br>ሓጢኣተኛ ሰበይቲ ከምዝተማሕረት (7፡ 36-50)<br>ብዛዕባ 72 ኣርድእቲ (8፡1-3)<br>ዘኬዎስ (19፡1-10) |

ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ገሊኦም ወንጌላውያን ኬጸባብቑ ቢሎም ሓድሕደ ናይ ብሕቶም ዘረባ ገለጻ ስለ ዘእትውሉ ሓንሳእ ሓንሳእ እቲ ኣከታትላ ተግባራት ይፋላለ። ንኣብነት ማቴ. 8፡1-3 ምስ ማር.1፡ 29-፤ 6፡ 13 ኣነጻጽር። ማቴ. 5፡7 ምስ ሉቃ.6፡20-49 ኣነጻጽር። ኣብ ኣመጻጽኣ ዘረባ ኢየሱስ ማርቆስ (6፡8-9) *"ንመንገዲ በትሪ ጥራሕ እምበር እንጌራ... ከይማልኡ ከልከሎም። ኣሳእን ኣብ ኣእጋርኩም እምበር ክልተ ቆሚሽ ኣይትልበሱ እውን በሎም"* ይብል። ማቴ-(10፡8 ) ሉቃ. (9፡3) ግን *"ሓንቲ እኳ ኣይትማልኡ"* ከምዝበሎም ይገልጹልና። ዝገደደ ከዓ ኣብ ኣጠቓቕላ *"ኣቦና ኣብ ሰማይ ትነብር"* ን ቃል ቡራኬ ናይ ምሴተ ሐሙስን ዝዓበየ ፍልልይ ይርኤ። ሠሪዕና እንተቀረብናዮ ይሓይሽ።

### አቦና ኣብ ሰማይ እትነብር

| ማቴዎስ 6፡ 9-13 | ማርቆስ | ሉቃስ 11፡ 2-4 |
|---|---|---|
| ንስካትኩም ከምዚ እናበልኩም ጸልዩ፥ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይመስገን መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከማኡ እውን ኣብ ምድሪ ይኹን መግቢ ዕለትና ሎሚ ሀበና ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብለሎም ንእናʼውን ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና ናብ ፈተና ኣይትእትወና እንካብ ክፋእ ድኣ ኣድሕነና። | | ንሱ ከዓ ከምዚ በሎም ክትጽልዩ እንከሎኹም ከምዚ በሉ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይመስገን መንግስትኻ ትምጻእ ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነውን ከማኡʼውን ኣብ ምድሪ ይኹን መግቢ ዕለትና ኵሉ መዓልቲ ሀበና ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና ንሕናውን ንዝበደለና ዘበለ ኵሉ ይቕረ ንብል ኣሎና እንካብ ክፋእ ኣድሕነና ናብ ፈተና ኣይትእትወና። |

| ማቴዎስ (26፡ 26-28) | ማርቆስ (14፡ 22-24) | ሉቃስ (22፡ 19-20) |
|---|---|---|
| ኪበልዑ እንከለዉ ኢየሱስ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኾ ቆሪሱ እውን ነርድእቱ "እንኩም ብልዑ እዚ ሥጋይ ኢዩ" እናበለ ሀቦም። ደሐር ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ ኣመስገነ "እዚ ምእንቲ ብዙኃት ንኀድገት ኃጢኣት ዚፈስስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ ኢዩ'ሞ ኵል ኻትኩም ካብኡ ስተዩ" እና በለ እውን ሀቦም። | ኪበልዑ እንከለዉ ኢየሱስ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኾ። ቆሪሱ እውን ንኣታቶም "እንኩ እዚ ሥጋይ ኢዩ" እናበለ ሀቦም። ነቲ ጽዋዕ ከዓ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ሀቦም ኵላቶም እውን ካብኡ ሰተዩ ከምዚ እውን በሎም "እዚ እቲ ምእንቲ ብዙኃት ዘፈስስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ ኢ.ይ" በሎም። | እንጌራ ኣልዒሉ ከዓ ኣመስገነ ቆሪሱ'ውን "እዚ ምእንታ'ኻትኩም ዝውሀብ ዘሎ ሥጋይ ኢዩ። እዚ ምእንቲ ዝ'ክረይ ግበሩዎ እናበለ ሀቦም። ከምኡ እውን ድሕሪ ድራር ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ "እዚ ጽዋዕ እዚ ምእንታ'ኻትኩም ብዝፈስስ ደም ዝተገብረ ሓዲስ ኪዳን ኢዩ" በሎም። |

በዚ ዝጠቐስናዮ ተመሳሳልነትን ፍልልይን ፫ ወንጌላውያን ብዙኃት ሊቃውንቲ ተገሪሞም እንታይነቱ ኪምርምሩ ፈተኑ። ንትውፊት ከምዝንገረና ኣጽጋቢ መልሲ ኪርከብ ኣይከኣልን ስለዚ'ውን ባዕሎም ድሕሪ ብዙኀ መጽናዕቲ ዝተፈላለየ ሓሳብ ኣመጻጽኣ ወንጌላውያን የቕርቡልና። በዓል ፓፕያ፥ ሄረኔዎስ፥ ዮስጢኖስ ቅድም ብአራማይስጥ ማቴዎስ ወንጌሉ ጻሓፈ (እዚ ምስ'ዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ማቴዎስ ርክብ የብሉን) ድሒሩ ድማ ማርቆስ ካብ ስብከት ቅ.ጴጥሮስ ካልእ ጽሑፋትን ዝተዋጽኤ ወንጌል ጻሓፈ ከምኡ ድማ ባዕሉ ከምዝረጋግጸልና ብዙኃት ጽሑፋት መርሚሩ ሉቃስ ወንጌሉ ጻሓፈ ይብሉና። ብዘይካ'ዚ ዝተፈላለየ ሓሳባት ስለዘሎ ኣከታቲልና ኬነቕርቦ።

1ይ ሓሳብ - ስብከት ሐዋርያት፡ "ስብከት ሐዋርያት እቲ ቀዳማይ ምንጪ ክርስትና ስለዝኾነ ፫ቲኡ ወንጌል'ውን ብመጀመርያ ብቓል ዝመኀላለፍ ስብከት ናይ ሐዋርያት እዩ ነይሩ። እዚኦም ምሉእ ሕይወት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ዜጠቓልል ስብከት ከም ትምህርቲ ክርስቶስ ውሱንን ሐደ ዝዓይነቱ ኮይኑ ካብ መምህር ናብ ተመሃራይ ኪመኀላለፍ ከሎ፡ ከከም ቦትኡን ኀብረተሰቡን ብሓድሓድ ነገራት ኪፈላለ ጀመረ። በዚ ምኽንያት'ውን (ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ናብ ጽሑፍ ክሰፍር ስለዝኸአለ)
ወንጌል ማቴዎስ ኣብ ኢየሩሳሌም፥ ወንጌል ማርቆስ ኣብ ሮማ፥ ወንጌል ሉቃስ ኣብ ኣንጾርኪያ) ሠለስተ ዝተፈላለየ ወንጌል ኪህበና ከኣለ" ዚብል ሓሳብ ብጋይስለር ብ1818 ዓ.ም. ምስተጀመረ ብብዙኀ ካቶሊካውያንን ዘይካቶሊካውያንን ተመራመርቲ ተደገፈ።

ብርግጽ ኵሉ ትሕዝቶ ወንጌላውያን ካብ ስብከት ሐዋርያት ዝተዋጽኤ እዩ፤ ብተወሳኺ ከዓ ካብ ኣጻሓሕፋ ወንጌላውያን ከም እንርድኦ ገሊኡ ኣርእስታት ሕጽር ዝበለ፡ ግን ከዓ ብዙኀ ጠቓሚ ትምህርቲ ዝሐዘ ብምዃኑ፡ ብቐሊሉ ከምዚጽናዕ ተገይሩ ዝተሠርዔ ይመስል። በዚ እዚ ሓሳብ'ዚ ምተደገፈ፡ ግን እቲ ንጹር ፍልልይ ካበይ ከምዝመጸ ስለዘይገልጸልና ብምሉኡ ኣይንድግፎን።

2ይ ሓሳብ - ናይ ሓድሕድ ርክብ፡ ማቴዎስ፡ ሉቃስ፡ ማርቆስ። "ማርቆስን ሉቃስን ኣብ ኣጻሓሕፋኦም ካብ ወንጌል ማቴዎስን ካልእ ጽሑፋትን ቀዲሓም ከከም ኣድላይነቶም እናጸባበቑን እናመላልኡን ነናቶም ጽሒፎም"። እዚ ብቅ-ኣጐስጢኖስውን ዝተደገፈ ሓሳብ ብሓጺሩ ሠለስቲኦም ወንጌላውያን ተወራሪሶም እዮም ዚብል እዩ። ቅ. ኣጐስጢኖስ ከምዚብሎ "ማርቆስ ኣብ ኣጸሓሕፍኡ እናሕጸረ ንወንጌል ማቴዎስ ይስዕብ፥ ሉቃስ ከዓ ክልቲኡ እናሰዓበ ናቱ ወንጌል ይጽሕፍ"። እዚ ሓሳብ'ዚ ብርግጽ ናይ ገሊኡ ፍልልይን ተመሳሳልነትን ምኽንያቱ ኪገልጸልና ይኽእል። እንተኾነ ምሉእ ኣይከውንን፡ ከመይ ገሊኡ ኣርእታት ምስ ሓሳብ እቲ ፍሉይ ጻሓፊ ዚሰማማዕ ከሎ ብዘይምጽሓፉ "ፈሊጡ እዩ ገዲፍዎ" ምባል ሓቂ ኣይመስልን።

3ይ ሓሳብ - ዝተፈላለየ ጽሑፋት፡ "እዞም ፫ ወንጌላውያን ሓሳቦም ኣብ ጽሑፍ ቅድሚ ምስፋሮም ካልእ (፩-፪-፫) ጽሑፋት ረኺቦም። ኣብኡ ተመስሪቶም እዮም ወንጌላቶም ኪጽሕፉ ዝኸኣሉ" ዚብል ሓሳብ ኣብ ፫ ይምቀል።

(ሀ) ሓደ ምንጪ - (ጥንታዊ ወንጌል ማቴዎስ) "፫ቲኦም ወንጌላውያን ኣብ ሓደ "Ur Evangelium" ተባሂሉ ዚጽዋዕ ብኣራማይስጥ ዝተጻሕፈ ጥንታዊ (ወንጌል ማቴዎስ) ጽሑፍ እዮም ተመሥሪቶም ወንጌላቶም ዝጸሓፉ" ዚብሉ በዓል ቫኑተሊ፥ሪቸት ኣለዉ።

(ለ) ክልተ ምንጪ - (ወንጌል ማርቆስን ክለ ተባሂሉ ዝስመ ካልእ ጽሑፉን) — "ሉቃስን ማቴዎስን ንወንጌል ማርቆስ እናሰዓቡ ካብ ካልእ (ክለ) ጽሑፍ እናቐድሑ እዮም ወንጌላቶም ዝጸሓፉ" ዚብል ሓሳብ ብብዙኃት ዝተደገፈ ይመስል። ብሓጺሩ ወንጌል ማቴዎስ ካብ ማርቆስን ክለ ካብ ዝተባህለ ጽሑፍን ዝመጸ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ፫ቲኦም ወንጌላውያን፥ ማርቆስ እቲ ቀዳማይ ብምኳኑ ማቴዎስ ካብ ማርቆስን ምስ ሉቃስ ዘየሰማምዖ ከዓ ካብ ክለን ዝተወርሰ ብምኳኑ፥ ሉቃስ'ውን ከም ማቴዎስ ካብ ክልቲኡ ይውሰድ ደኣ እምበር ብዝተፈላለየ መልክዕ ስለዝተዋጽኤ ፍሉይ ወንጌ ክጽሕፉ ከኣሉ።

(ሐ) ብዙኅ ምንጪ - "ቅድሚ ድርሰት ፫ ወንጌልውያን ዝተፈላለየ ብቓልን ብጽሑፍን ዝመሓላለፍ ትምህርቲ ክርስትያን ነበረ። ወንጌላውያን በዚ ጽሑፋትን ስብከት ሐዋርያትን ተመሥሪቶም ወንጌላቶም ጸሓፉ" ዚብል ሓሳብ ካብ ጥንቲ ፍልይ ዝበለ ኣመጻጽኣ ወንጌል ክትንትነልና ይርከብ። እምበኣርከስ ብመጀመርያ ብቓል ዝመኀላለፍ ትምህርቲ ክርስትያን ጥራሕ ነበረ፥ ብካልኣይ ደረጃ እዚ ናይ ቃል ትምህርቲ ብቋንቋ ኣራማይስጥን ግሪኽን ዝመኀላለፍ ዝነበረ ኣብ ዝተፈላለየን ናእሽቱን መጻሕፍቲ ብክፋሉ ኪሰፍር ከኣለ። ብሣልሳይ ደረጃ፡ ማቴዎስ ናይ ዓይኒ ምስክር ብምኳኑ ብ50 ዓ.ም. ብኣራማይስጢ ሥሩዕ ኣከታትላ ዘይብሉ ሕይወትን ትምህርትን ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ (=ወንጌል) ምስ ጻሓፈ ብ55 ዓ.ም. ኣቢሉ ናብ ቋንቋ ግሪኽ ስለዝተተርጐመ፡ እቲ ቀዳማይ ብኣራማይስጥ ዝተጻሕፈ ጠፊኡ እቲ ግሪኻዊ ወንጌል ማቴዎስ ጥራሕ ኪዕቀር ከኣለ። ብራብዓይ ደረጃ ካልእ መመላእታ ኣራማይስጣዊ ወንጌል ማቴዎስ ክልተ መጻሕፍቲ (ሓደ ብግሪኽ እቲ ሓደ ከዓ ብኣራማይስጢ) ብማቴዎስ ወይ ከዓ ብካልእ ሓዋርያ ዝተጻሕፈ ወሰኽ መጻሓፍቲ ተፈጥረ። ሓሙሻይ ደረጃ ማርቆስ ንግሪኽ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ወንጌል ማቴዎስ እናሰዓበ ንስብከት ጴጥሮስ ተኸቲሉ ወንጌሉ ጻሓፈ።